# ንልዕሊ 10 ሽሕ ተቐማጦ ጾሮናን ከባቢኣን ረዲኤት ይዕደል ኣሎ።

---------0---------

ኮሚሽን ረዲኤትን ስደተኛታትን ኤርትራ፡ ብሰንኪ ወራር ወያነ ካብ ኣባይቶም ተመዛቢሎም ንዝጸንሑ ልዕሊ 10 ሽሕ ተቐማጦ ጾሮናን ከባቢኣን ኣብዚ ሰሙን እዚ፡ ረዲኤት ይዕድል ከምዘሎ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጾሮና፡ኣቶ ተኽለገርግስ ሓጐስ ሓቢሩ።

እቲ ዝወሃብ ዘሎ ረዲኤት፡ እኽሊ፡ ዘይቲ፡ ዓደስን፡ ናውቲ ገዛን ዘጠቓለለ እዩ።

ብዘይካዚ፡ እቶም ካብ ዓድታቶም ተመዛቢሎም ኣብ ከባቢ ማይውራይን ዓይባን ኣብ መዓስከራት ዝቐመጡ ዘለዉ ልዕሊ ሓሙሽተ ሽሕ ዜጋታት፡ ተመሳሳሊ ሓገዝ ይረኽቡ ከምዘለዉ ኣቶ ተኽለገርግስ ገሊጹ። እዞም ዜጋታት፡ ሰራዊት ወያነ ዛጊት ካብ ዓድታቶም ብዘይምውጽኡ እዮም ኣብ መዓስከራት ተዓቍቦም ዘለዉ።

ገለ ክፋል ህዝቢ ንኡስ ዞባ ጾሮና፡ ናብ ዓድታቱ እኳ እንተተመልሰ፡ መንበሪ ኣባይቱ ብወራር ወያነ ዓንዩ ኣብ ሕማቕ ኵነታት ስለዝጸንሐ፡ ኣባይቱ ንምህናጽ ናይ ዚንጎ፡ ሞራለ፡ ካልእ ናውቲ መስርሒ ኣባይትን ክውሃቦ ምዃኑ ኣቶ ተክለገርጊስ ብተወሳኺ ኣረዲኡ።

ብኻልእ ወገን፡ እቲ ከባቢ ዛጊት ካብ ነተጕቲ ናጻ ብዘይምዃኑ ፡ ኣብ ልዕሊ ሓረስቶት ጉድኣት የውርድ ኣሎ። ብሰንኪዚ ሓደጋ ድማ፡ እቶም ሓረስቶት ቀሲኖም መሬቶም ኪሓርሱ ከምዘይከኣሉ ኣቶ ተኽለገርግስ ሓቢሩ።
እቲ ከባቢ ካብ ነተጕቲ ናጻ ንኽከውንን ኩሎም ተቐማጦ ናይቲ ንኡስ ዞባ ናብ ዓድታቶም ምእንቲ ክምለሱን፡ መንግስቲ ኤርትራ ዝርዝራዊን ዝተማልአን ሓበሬታ ናይቲ ዝተቐብረ ነተጕቲ ንልኡኽ
ዓቃብ ሰላም ክህብ ከሎ፡ ብኣንጻሩ ስርዓት ወያነ ዝተፈላለየ ምስምስ ብምቕራብ ዛጊት ከምዘየረከበ ዝፍለጥ እዩ።

******** ኣዜኤ -**********